06 ታሕሳስ 2008.

## ፖሎቲካዊ ውሳነታት ኮንፈረንስ ኣባላት ሰደግኤ።

ኣባላት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ካብ 4 ክሳብ 6 ታሕሳስ 2008 ኣብ ዘካየዶ ኮንፈረንስ፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ኣጀንዳታት:-

1. ፖሎቲካዊ ገምጋም ህልው ኩነታት፡
2. ገምጋም ሓድነታዊ ኣረኣእያ ውድብናን ዝሓለፎ መስርሕን…ወዘተ

ዓሚቕን ብሱልን ምይይጣት ብምክያድ እዞም ዝስዕቡ ፖሎቲካዊ ውሳነታት ኣመሓላሊፉ።

### ኮንፈረንስ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ብምሙርኳስ፡

1. ኣብ ክሊ ዓለማዊ፡ ዞባውን ሃገራውን ኩነታት ኮይና፡ ዲሞክራስያዊ ቃልስና እነነሳልብተሉ ቀንዲ ፍታሕ፡ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ሃገርና ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ልዑል ተሳትፎኦም ምርግጋጽ ምኳኑ ብምእማን፡ ዝላዓለ ቱኽረት ሂቡ ክቃለስ ወሲኑ።
2. ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ብቕልጡፍ ንምድምሳስ ዘኽእል ብቑዕ መሳርሒ፡ ዝተዋደደ ዓቕምታት ተቓውሞ ብምጥንኻር ዝረጋገጽ ምኳኑ ብምእማን፡ ንምዕዋት ፖሎቲካዊ ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ብሃገራዊ ዋዕላ ኣቢሉ ሰፊሕ ተሳትፎ ህዝብታትና ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ዕቱብ ጻዕርታት ክካይድ ወሲኑ።
3. ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ብህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካእ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ናይ ለውጢ ዓቕሚ ንምፍጣር፡ ዝተዋሃሃደ ዓቕምታት ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ብምርግጋጽ፡ ምኳኑ ብምእማን፡ ኩሎም ምስ ታሪኽን ተሞኩሮን ዝተኣሳሰሩ ፍልልያትን ዕንቅፋታትን፡ ብዕቱብ ዘተን ዘየቋርጽ ዲሞክራስያዊ ልዝብ ንምፍታሕ ጻዕርታት ክካይድ ወሲኑ።
4. ኣብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ዘጋጠመ ውሽጣዊ ፖሎቲካዊ ቅልውላው፡ ቀንዲ መንቀሊኡ መሰረታዊ ፍልልያት ኣብ ፖሎቲካዊ እምነታት ዝወለዶ ምኳኑ ብምእማን፡ ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ፍልልያት'ዚ ዝተፈጠሩ ቁስልታት ንምፍዋስ፡ ቀጻሊ ልዝባት ንምክያድን ኣብ ዘራኽቡና ሓባራዊ ዕላማታት ተኸባቢርና ተኸኣኢልና ንክንቃለስ ወሲኑ።

### ኮንፈረንስ፡

መሪሕነት ውድብና  ኣብ ሓድነታዊ ጉዕዞና ዝነበሩዎ መሰረታዊ ሕጽረታት በሊሑ  ነቐፌታዊ ገምጋም ብምክያድ፡ ውድብና ሰደግኤ ናብ ንቡር ቦትኡ ንምምላስ ዓሊሙ ዝተኻየደ ቃልስታት ብምድጋፍ ውድብና ሰደግኤ፡

1. ናብ ንቡር ውድባዊ ቦትኡ ክምለስ፡
2. ኣብ 4ይ ውድባዊ ጉባኤና ዝጸደቑ ፖሎቲካዊ ፕሮግራም፡ ፖሎቲካዊ ውሳነታትን ውድባዊ ሕገ-ህንጻን ዝተማእዘዘ ክኸውን።
3. እቲ ኣብ 4ይ ውድባዊ ጉባኤ ዝተመረጸ ማ/ሽማግለ ኣብ ውሽጡ ዘድሊ ምትዕርራይ ገይሩ ክሳብ 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ክመርሕ ተቐቢሉ።